
ብምኽንያን ዕረፍቲ ዋዕሮ ስነ ጥበባዊት ጸሃይቱ በራኺ, ብግጥሚ መግለጺ መሪር ሓዘን«።

ጓል ኣቦይ በራኺ ጥዑም ደሃያ
ክገልጾ ኣይከኣልኩን ናትኪ ሞያ
ተበጊስኪ ዶ ኣቲ ጓል ኤርትሪያ
ነዛ ግጥመይ ክንዲ ብዙሕ ረኣይያ,








ሰብ ያታ ሓሊፎም ቆሪረ
ተጋዳሊት ተሓኤ ዋዕሮ ጓል ኤረ
ቀሚሽ ደርብያ ዝተኸደነት ሰረ,

ዕረፍትኻ ሰሚዔ
ጸሃይቱ ሓዚነ ነቢዔ
ተመሊሰ ንነብሰይ ተጻናኒዔ,

ሰብ ኣይነብርን ታሪኽ እንበር
ከርተት ዝበለ ንሓርነት ንሃገር
ጸሃይቱ ሰብ በቲ ሞዩኡዩ ዝዝከር,

ናይታ ዋዕሮ ትብዓታ
ይመስክር መውጋእታ
ሓያል ስነ ጥበባዊት በዓልቲ ያታ,

ተባዕ ሃገራዊት
ምስ ሰራዊ ሓርነት
ምስ ክራራ ንቕድሚት,

ኣብ ሕንብርቲ ጸላኢ
ንርዋ ራኢ ናይ ንመጻኢ
ተቃሊሳ ነጻነት ክትርኢ,

ጓለባይ በራኺ ጡዑም ደሃያ

*ክራርኪ ንመለይ ተቓንያ*
*እንዳ በለት ዓደይ ኤርትረያ*
*ኣብ ከተማ ኣስመራ ሰሪሐ ቅያ,*

*ኤርትራዊት ኳዕቲት ዝዓዳ*
*ከም ዓለማ ተኸዲና ሸዳ*
*ንክትጋደል ንሜዳ ወሪዳ,*

*ኣንቀልቀለ ክወርድ ንማይ ጃሕጃጅ, ጠምየነረ ንገዛይ ንክምሳሕ, ኣማዕድየ ሪኤካ ተሐጉሰ, ሰላም ክብለካ ንድሕሪት ተመሊሰ,ኣስካርባይ ጎማ ክዳነይ ካኪ,ሐያል ዜማታታ፡«፤*

*ጸሃይቱ ተቓላሲት ዋዕሮ*
*ሃገረይ ዝበለት ነብሮ*
*ስነ ጥበባዊት ወይዘሮ,*

*እታ ዋዕር ጓል ኣከለ*
*ጸሃይቱ ብትብዓታ ትልለ*
*ናባኺ ይዓስል ሃገረይ ዝበለ*
*መንዩ ኣብ ቤታ ዘየጽለለ,*

*ጸሃይቱ ጓል ኣቦይ በራኺ*
*ሐበን ህዝባ እንበኣር ተበጊስኪ*
*ኣደ ቃልሲ መንግስተ ሰማይ የዋርስኪ*
*እቲ የዋህ ኣምላኽ ኣብ ገነቱ ይቀበልኪ,*

*ንመላእ ሰድራቤታን ፈተውታን ጽንዓት ይሃብኩም ይሃበና, ጠሊ ትግደፈልኩም,ጓል ኣቦይ በራኺ ብሰላም ዕረፊ፡«፤*

*ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና፡ ሕድርኹም ክነትግብሮ ቃል ኣቲና ኣልትና,ክነርክበኩም እንበር መን ምስ ተመለሰ ክትምለሱና,ብሽም ኩሎም ደለይቲ ፍትሕን ሐርነትን ገጣሚ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡«፤*